ሕጂ ውን ንጃንዳ ህግደፍን መሰልቶምን

ካብ ምብዳህ ዓዲ ኣይውዕልን

መበል 19ክፋል

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ

በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርምርን

## መርሐባ ቶኅሩባ ሐበን

## (መጋቢት ሱሳንኣርባዕተን)

ንዘኸሪ ቶኅሩባ ፍሉይ ዝገብሮ
ተቓውሞ ዓዲ ቀይሕ ክንዝክሮ
ድምጺ ናይ ሐርነት ዕልታ
ድምጺ ቶኅሩባ ካብ ቃሐውታ
ዓዲ ቀይሕ ከፊላ መስዋእታ
ሰምዕታ ንግዳም ዘሕደሩ ንዋናታታ
ሰምዕታ ንጀነራላት ኣገልገልቲ ሸፍታ።
ዮውሃና ቶኅሩባ ዓወት ዝልማዳ
እወ ሕጂ ውን ጀጋኑ ወሊዳ
ንህግደፍ ዘርዕዱ እኒ ኮርዒዳ።
ወርሒ መጋቢት ሱሳንኣርባዕተን
ብቶኅሩባ ሐበን እወ ንሕበን
ውሑዳት ገጢምም ምስ ብዙሐት
ንኅባጢ ዝገበሩ ኣውያት ንኣውያት
ተዘለሩ በጃ ህዝቦም ዝወደቑ
በጃ ወዲቖም ቃልሲ ዝነደቑ።
ዓመት ዓመት ተዘከሪ•ባ
ቶኅሩባ ናይ ሐርነት ታባ
ጀጋኑ ዝወደቑላ እንባ
ንነጻነት ደይቦም ብዘብዘብ

ማዓስ ተቖጺሮም ብገንዘብ።

ቶኅሩባ ጸረ መግዛእቲ
ንዝኸፈሉ ረዚን መስዋእቲ
ክንዝክሮም ንደቂ ርስቲ።

ንቶኅሩባ 52 ዓመታ
ሃገርና ኣይረኸበትን ሩፍታ
ገና ኣይወነንዋን ዋናታታ
ኣይቀሰናን 8 ቲኤን ቢሄራታ።

ክይሐረስካ ሃንዛ የብቦ ዒልቦ
ዓወት ቶኅሩባ ሐበን ዓደቦ
ደቀባት ምስ በልዑ ጉቦ
መፍተት ኣዛብእ ኅዶቦ
ካሕዳያት ገሮሞን ዓደቦ።

ኤረትራ ብ52· ተጠሊማ
ማዕረ ክይትሰራዕ ክምዓለማ
ኣባ ብልሐቱ ደምሲሱ ንሽማ
ተኺሉ ናይ ኢትዮጵያ ኣርማ።

ነጻ ወጺኣ ኣፍሲሳ ደማ
ኢሰያስ እነሆ ይደግማ
መንነትና ምህሳስ ናቱ ዕላማ
ብኢሰያስ ወዱ ንሃይለ ስላሰ
ክንደይ ደም ኑጹሃት ዘይፈሰሰ።

ኤረትራዊያን እንብዛ ዓሸና
ሰዉኣት ዝሃቡና ሕድሪ ረሲዕና
ትምክሃስስ ታሪኻዊ ባዓላትና።

ንመስከረም በዓልቲ ግርማ
ሉኡኽ ኣስራት ካሳ ኮይኑ ስማ
እንታይ ዘይኣለ መክህስስ ንሽማ።

ጨፍሩ ንመስከረም ዝብልዋ
ኣይደልዩን ክሰምዕዋ
ክምኣሳሓይታን ይፈርህዋ።
ክምጸማም ሐደ ደርፎም
ኢሰያስ ዘዝሃቦም ጎሲሞም
ህዝባዊ በዓላቶም ዘይመስሎም
ተዘክሮ ዝወደቑ ምእንቲ ህዝቦም።
ታሪኽ ጅግንነት ኣህሲሱ
ሰማይ ሰቒልዋ ንነብሱ
ታሪኽ ቶጎሩባ ኣጥፊኡ
ታሪኽና ኮይኑ ብሳሉኡ
ጽንበሉ ዎሎዶ ሎሚ
ታሪኽ ምፍላጥዩ ጠቓሚ።
ግዳምክተሕድሩና ክምእንስሳ
ስምዕታ ንኢሰያስ ዝቖጸሮም ዳሳ
ንፍሊጶስ ዮውሃንስ ኣብራሃ ካሳ
ዓዲ ጀጋኑ ትንዖላ ሒዛ ፋሳ።
ተባዕ ኣይረኸበን ዝሕግዞ
ውድባትና ንድሕነት ህዝቢ
ተጸንበሩ ናብ ህዝባዊ ናዕቢ
ምዕዛብ ያኣክል ሎሚሲ
ንተኹሲ ብተኹሲ መልሲ።
ዕርዲ ጀጋኑ እስከ ደይብዋ
ፍለጡሃገር ሰብ ክምዘለዋ
ዓረት ዝባውንቲ ክሕልዉዋ
ንቓሐይቶ ሐቤሬታ ክህብዋ
ሐንሳብ ንሐዋሩ ክርህዋ።
ንምንታይ ዲና ብረት ንሸከም

ሳቦያ ዓወት ቶጎሩባ ክንደግሞ

ብኸምዚ ንዝኽሪ ቶጎሩባ ክዛዝሞ።

ቶጎሩባ ብርዔይ ከላሽነይ

ሕድሪ ሰዉኣትና ጽንዓተይ

ንሓርነት ቀጻሊዩ ቃልሰይ

ድሕሪ ሓርነት ኣብ ዓዲ ኣቦታተይ

ንጌጋ ዓገብ ክብል ክሳብ ግዜየ ሞተይ።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ኤረና ሎሚዶ ጽባሕ ጭርሖና

ሽዊት ለምለም ክኸውን ዓድና

ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና